LONDON SCHOOL of HYGIENE &TROPICAL MEDICINE

# ቅጥዒ ሓበሬታ

**ርእሲ እቲ መፅናዕቲ:** ብሰንኪ ኩናት ዘስዐቦ ቐልውላው ኣብ ትግራይ ዘጋጠመ ሞት ህዝቢ: ኣብ መላእ ዓለም ካብ ዝነብሩ ዲያስፖራታት ትግራይ ዝተገበረ መፅናዕቲ ኣብ ድሕረ ገፅ ዝተመርኰሰ ምላሽ ዝሃቡ ሰባት

**ዋና ተመርማሪ፡:** ፕሮፌሰር ፍራንሲስኮ ቸቺ

---

**ኩሉ ሓበሬታ ኣብዚ ሰነድ እዚ ብተባዕታይ መልክዕ ዝተገልፀ ንኣንስታይ ፆታም ይገልፅ እዩ፡፡እዚ ንዋላ ሓደ ሰብ ክነግልል ኢልና ኣይኮንናን ገይርናዮ። ኣብ'ዚ መፅናዕቲ እዚ ደቂ ተባትዮን ደቂ ኣንስትዮን ክሳተፉ ኢና መድብ ሒዝና።**

ኣብቲ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ኣብ ዝርከብ ቤት ትምህርቲ London School of Hygiene & Tropical Medicine (LSHTM) ዝሰርሑ ተመራመርቲ ዝመርሕዎ መፅናዕቲ ክትሳተፍ ክንዕድመካ ንደሊ። ኣብቲ መፅናዕቲ ክትሳተፍ ወይ ከይትሳተፍ ቅድሚ ምውሳንካ እቲ መፅናዕቲ ስለምንታይ ይካየድ ከም ዘሎን ተሳትፎኻ እንታይ ከም ዘጠቓልልን ከነብራረህካ ንደሊ ኢና። ብዝከካኣልካዮ መጠን ግዜ ወሲድካ ነዚ ዝስዕብ ሓበሬታ ኣንብቦ። ተወሰኽቲ ሕቶታት እንተሃልዮምካ እውን ምሳና ክትራኸብ ትኽእል ኢኻ። ነዚ ብትግርኛን እንግሊዝኛን ዝግበር መፅናዕቲ ዝተዳለወ ድሕረ ገፅ ኣብዚ ይርከብ፡ https://tigray-rds.lshtm.ac.uk/

**ዕላማ እቲ መፅናዕቲ እንታይ እዩ?**

ዕላማ እዚ መፅናዕቲ እዚ እቶም ኣብ ትግራይ ዘለዉን ዝንቀሳቀሱ ናይ ግብረ-ሰናይ ተዋሳእቲ፣ ድርጅታት፣ ናይ መንግስቲዊያን ዘይመንግስታዊያን ትካላት ተሳትፎ ዘለዎም ሰባት ከምኡውን ሲቪላዊ ማሕበረሰብ ነዚ ሕዚ ኣጋጢሙ ዘሎ ሰብኣዊ ቅልውላው እንታይ ምላሽ ከም ዝህቡ ንምሕባር እዩ። እዚ መፅናዕቲ እዚ ኣብ ትግራይ ሞት ህፃዉንቲን ዓበይትን ክሳብ ክንደይ ይለዋወጥ ከም ዘሎ መርትዖ መረዳእታ ክፈጥር ትፅቢት ይግበረሉ።

**ኣብዚ መፅናዕቲ ክሳተፍ ዝተሓተትኩ ስለምንታይ እዩ?**

ኣብዚ መፅናዕቲ ክትሳተፍ ዝኽኣልካ ሓደ ካብ ፈተውትኻ፣ ኣዝማድካ፣ ወይ መሳርሕትኻ ንክትሳተፍ ስለዝዓደመካ፤ ናይ ትግራይ ድሕረ-ባይታ ስለዘለካን ካብ ትግራይ ወፅኢ ድማ ስልትነብርን እዩ። ኣብ መላእ ዓለም ዝርከቡ ዲያስፖራታት ትግራይ ዝመፁ ኣባላት ብዛዕባ እቶም ኣብ ትግራይን ኣብ ወፃኢ ሃገራት ዝነብሩ ብሂወት ዘለዉን ዝሞቱን ኣባላት ስድራቤቶም ሓበሬታ ክንእክብ ንፅዕር ኣለና። ካብ ዝተፈላለየ ክፋላት ትግራይ ዝመበቆሎም፣ ከምኡ እዉን ሕዚ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝነብሩ ተጋሩ ዝኾኑ ተሳተፍቲ  ክህልዉና ኢና እንደሊ።

**ኣብዚ መፅናዕቲ ክሳተፍ ኣለኒ ድዩ?**

ኣብዚ መፅናዕቲ እዚ ብወለንተካ ክትሳተፍ ምርጫኻ እዩ። ኣብዚ ክትሳተፍ እንተተሰማዕሚዕካ ነዚ ሓበሬታ እዚ ከም ዘንበብካዮን ከም ተረዳእኻዮን ኣብኡ ክትሳተፍ ከም ዝተሰማዕማዕኻን ፍቓድካ ንክትህብ ክንሓተካ ኢና። ኣብ እዋን እቲ ቃለ መሕትት ወይ ውን ድሕሪኡ ምሳና ብምርኻብ ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን ካብ እቲ መፅናዕቲ ክትወፅእ ትኽእል ኢኻ።

**ኣብዚ መፅናዕቲ ምስታፍ ክበሃል ከሎ እንታይ ማለት እዩ?**

ኣብዚ መፅናዕቲ ምስታፍ ብዛዕባ ናይ ቀረባ ኣባላት ስድራ ቤትካ (ማለት ብዛዕባ ወለድኻ፣ በዓልቲ ቤትካ፣ ኣሕዋትካ፣ ከምኡውን ደቂ ሓፍትኻ/ደቂ ሓውካ) ብኢንተርኔት ዝግበር ሕቶታት መልሲ ናይ ምሃብ ተግባር ምውዳእ የጠቓልል። እቲ መፅናዕቲ ብዛዕባ ነፍሲ ወከፍ ናይ ቀረባ ኣባል ስድራቤት ዝርዝር ሓበሬታ (ንኣብነት ጾታ፣ ዕድመ፣ ሞይቶም ወይ ብህይወቶም ኣለዉ'ዶ፣ ከምኡ ምስ ዝኸዉን፣ ኣበይን ብኸመይን ከምዝተቀተሉን ዝምልከት) ንክትህብ ይሓትት። ከምኡ ውን ብዛዕባ ገምጋም ማሕበራውን ቁጠባውን ኩነታት ናይቶም ክሳዕ ሕጂ ኣብ ትግራይ ዘለዉ ናይ ቀረባ ኣባላት ስድራቤትካ ገለ ሕቶታት እዉን ዘጠቓልል እዩ።

ነቶም ሕቶታት ምስ ወዳእኻዮም ካብ ማሕበራዊ መራኸቢኻ ሓሙሽተ ሰባት ብተመሳሳሊ መንገዲ መፅናዕቲ ክዛዝሙ ክትዕድሞም ክትሕተት ኢኻ። ኣብ ውሽጢ ስድራ ቤትካ ዘለዉ ኻልኦት ሰባት ደቅኻ፣ ኣሕዋትካን፣ ወለድኻ፣ ደቂ ሓፍትኻ፣ ደቂ ሓውካ፣ ሓትኖታትካ ኣሞታትካ ወይ ሓወቦታትካ፣ ኣኮታትካ ወይ ካብ ስድራ ቤት በዓልቲ ቤትካ፣ ክሳብ ዘይኮኑ ኣብዚ መፅናዕቲ ንኽሳተፉ ክትዕድሞም ትኽእል ኢኻ።

ይኹን ዳእምበር፣ እንተ ተኻኢሉ፣ ነቲ መፅናዕቲ ነቶም ኣብቲ መፅናዕቲ ዘይተኻፈሉ ካብ ስድራ ቤትካ ወፃኢ ዘለዉ ሰባት ከተካፍሎም ክንሓትተካ ኢና። ሓሙሽተ ሰባት ክትዕድም ነዘኻኽረካ እንተኾነ ግን ከምኡ ኽትገብር ኣይክትግደድን ኢኻ።

**ኣብዚ መፅናዕቲ እዚ ምክፋለይ ገለ ሓደጋታት ወይ ጥቕምታት ኣለዎ ዶ?**

እዚ መፅናዕቲ ዘሕዝኑኻ ወይ ዘሕርቑካ ፍፃመታት ናይ ምዝኽኻርካር ሓደጋ ተኽእሎ ኣለዎ። ብዝኾነ ይኹን ምኽንያት ነቲ መፅናዕቲ ምላሽ ምሃብ ከተቋርፆ እንተ ደሊኻ ከተቋርፆ ትኽእል ኢኻ። ኣብዛ ድሕረ ገፅ እዚኣ ናይ ኣእምሮ ጥዕና ብዝምልከት ሓደሓደ ጠቀምቲ ፍልፍላት ሓበሬታ ምንጭታት ርኽብካ ኣንብብ። ኣብቲ መፅናዕቲ ብምስታፍካ ዋላ ሓንቲ ውልቃዊ ረብሓ ኣይህልወካን እዩ። እንተኾነ ግን እቲ እትህቦ ሓበሬታ ብዛዕባ እቲ ኣብ ትግራይ ዘጋጠመ ሰብኣዊ ቕልውላው ከምኡውን ብዛዕባ ክሳብ ክንደይ ከቢድ ምኳኑ ግብረ-ሰና ትካላት ክግንዘቡ ዝገብር እዩ። ውፅኢት እዚ መፅናዕቲ መርትዖ ክኸውን ከምኡዉን ነቲ ንናይ ግብረተ-ሰናይን ካሎኦት ተዋሳእቲ ኣካላት ዝገበርዎ ናይ ሃብቲ/ነገራት ምምዳብን ንዋታዊ ሓገዛት ብዝምልከት ኣብ ውሳነታቶም ከመሓይሾን ኽሕግዝን ተስፋ ንገብር። ነቲ ቐፃሊ ዝኾነ ቕልውላው ንምፍታሕ እውን ኣበርክቶ ክገብር ይኽእል እዩ ተባሂሉ ይሕሰብ።

**እቲ ዝገበርክዎ ተሳትፎ ምሽጥራዊነቱ ሕልው ድዩ?**

እወ። ኣብ እዋን እቲ መፅናዕቲ ብዛዕባ ባዕልኻ ኮነ ብዛዕባ ኣባላት ስድራ ቤትካ ዝገልፅ ሓበሬታ ኣይትሕተትን። ስማት ወይ ኣድራሻታት እውን ኣይንሓተካንን። እቲ ቅጥዒ ንናይቲ መፅናዕቲ ዕላማ ጥራሕ ንምስኻዕ ዉስን ሓበሬታ ንምሕታት ተባሂሉ እዩ ተዳልዩ። ዋላ ሓደ ሰብ (ንኣባላት እታ ጉጅለ መፅናዕቲ እውን ሓዊሱ) ንዓኻ ኮነ ንኣባላት ስድራ ቤትካ ከለልየካ ኣይክእልን። ነቲ መጽናዕቲ ናብ ካልኦት ክትልእከሎም ክንሓተካ ኢና፣ እዚ እውን ምሽጥራዊነቱ ክሕሉ ክግበር እዩ።

ኩሉ እትህበና ሓበሪታታት ኣብ ፅኑዕ ክቕመጥ እዩ። እቲ መፅናዕቲ ምስ ተዛዘመ ካልኦት ነቲ ዝገበርናዮ ትንተና ምእንቲ ኽደግሙን ገምጋምና ምእንቲ ከረጋግፁን ነቲ ሓበሬታ ክንሓትሞ ኢና። እቲ ዝተሓተመ ሓበሬታ ምሉእ ብምሉእ ውልቃዊ መረዳእታታት ብምሽጥራዊነት ዝሓዘ ክኸውን እዩ።

**ውጽኢት እቲ መጽናዕቲ ብኸመይ ኣብ ጥቅሚ ይውዕል?**

ውፅኢት እዚ መፅናዕቲ ብመልክዕ ፅብፃብን ከም ውንኡ ሓደን ካብኡ ንላዕሊን ኣብ ዝኮኑ ሳይንሳዊ መፅሄታት ክሕተም እዩ። ኣብ ትግራይ ንዝነጠፉ ገበርቲ ሰናይን ተመራመርትን ውድባትን እውን ክቐርበሎም እዩ። ናይ መወዳእታ እተሕትም ፅብፃብን ካልኦት ፅሑፋትን ኣብዚ ድሕረ ገፅ እዚ ክንልጥፎም ኢና።

**ንስኻ ወይ ሓደ ካብ ናይ ቐረባ ኣባላት ስድራቤትካ (ንኣብነት ስድራቤትካ፣ በዓል ሓዳርካ፣ ኣሕዋትካን ኣሓትካን፣ ደቒ ሕዋትካን) ኣብዚ መፅናዕቲ እዚ ተኻፊልካ/ተኻፊልኩም እንተ ነይርኩም ነዚ ቅጥዒ ክትመልእዎ የብልካን። ኣዚና እና ነመስግን!**


**ዋና ተመርማሪ፡**

ፕሮፌሰር ፍራንሲስኮ ቸቺ (Francesco.Checchi@lshtm.ac.uk)

**LSHTM ኣቦ-መንበር ኮሚቴ ስነ-ምግባር ምርምር**

ፕሮፌሰር ጂሚ ዊትዎርዝ (RGIO@lshtm.ac.uk)